# ሪፖርታጅ
## ኣኼባ ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ
## ኣብ ከተማ ሮተርዳም ነዘርላንድ

ብመጀመርያ ኣዳለውቲ ናይቲ ኣኼባ ንጹራትን ፍሉጣትን ኣይነበሩን ሓደ ነቲ ኣኼባ ህዝቢ ንኽሳተፎ ዝደረኽ ጉዳይ ኣቐዲሙ ንልዕሊ ሰለስተ ዓሰርተ ዓመታታ ምስ ህዝባዊ ግምባርን ስርዓት ህግደፍን ኢድን ጓንትን ኮይኑ ዝሰርሐ ዝነበረ ኣብ ሃገረ ጣልያን ዝምቕማጡ ብዝበዝሑ ኤርትራውያን ብወዲ ቫካሮ ዝፍለጥ ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ዝተባህለ ንዝተሓብአ ሚስጥራትን እከይ ዝበሃለሉ ጉዳት ስርዓት ህግደፍን ንኽቃልዕ ካብ ጥፍኣት መንእሰያት ቀዝሒ ደሴት ላምፓዱሳ ዝተወልደ በሃር መድሕን ናብ ኤርትራውያን ተቐልቂሉ ኣሎ ዝብል ነግሒ ስለ ዝዓበየ ተሳታፉይ ካብቲ መድሕን ዝተባህለ ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ዝቃላዕ ጉዳት ስርዓት ህግደፍን ዝወሃብ ኣስተምህሮታትን ንምስማዕ ካብታ ኣስታት ልዕሊ ሽውዓተ ሽሕ ኤርትራውያን ዝቕመጥዋ ነዘርላንድ ካብ ጻት ንጻት ብዝተኻየደ ጻዊዒት ኣስታት ከባቢ 100 ክሳብ 120 ዝኸውን ሰብ ክሳተፍ ናብ ዝተሓበረ መአከቢ ኣዳራሽ ናይ ቤተ ክርስትያን "De Heuvel Grotekerk Plein 5 Postcode 3011 GC" ከም ዕለተ ቆጸርኡ ዕለት 01-03-2014 ካበየ ቦትኡ ወሓዘ

ተሳተፍቲ እቶም ዝበዝሑ ኣባላት ውድባት ኮይኖም ብዕድመ ዝደፍኡ ኢዮም ነይሮም ማእከላይ ቁጽሪ መንእሰያት ደቂ ተባዕትዮ ኳ እንተነበሩ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ግን ኣይግድን  ካብ 10 ዘይበዝሕ ቁጽሪ ኢዩ ነይሩወን ብዕድመ ደረጃ እንተሪኢና ሽኣ ካብተን ዝርካበን 10 ደቂ ኣንስትዮ እተን 4 ጥራይ ኢየን ዕድመ ናይ መንእሰይ ነይሩወን

ኣብቲ ኣኼባ ኣብ ከተማ ኣምስፎርት ነዘርላንድ ዝቕመጥ ጋዜጤኛ ሃብቶም የውሃንስን ኣብ ከተማ ላይደን ነዘርላንድ ዝቕመጥ ሓላፊ ቆንስላዊ ጉዳያት ኢጣልያ ኣብ ሚላኖ ዝነበረ ታደሰ መንግስቱን ካብ ዓዲ እንግሊዝ ዝመጸ ተመራማራይ ታሪኽን ፖለቲካል ሳይንስን ዶክተር ጸገዘኣብ ገብረገርግስን ተሳቲፎም ነይሮም

ኣኼባ ልክዕ ሰዓት ክልተ ከም ዝጅመር ኢዩ ተሓቢሩ ኣብ እዋኑ ሽኣ ተጀሚሩ መራሕ መደብ ናይቲ ኣኼባ ኣቶ ተስፋዝጊ ይትባረኽ ነቲ መድርኽ ድሕሪ ምቁጽጻሩ ነቲ ተሳታፉይ ጸጥታ ንኽስፍን ድሕሪ ምሕባሩ ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ኣኼባ ከካይድ መጺኡ ከም ዘሎ ንተሳተፍቲ ድሕሪ ምሕባር ምስ ነብሱ ከላሊ ጀሚሩ

ኣቶ ተስፋዝጊ ይትባረኽ ኣብ መላለዩ ነብሱ ስርሑ ባሕረኛ ምዃኑ ድሕሪ ምግላጽ ካብ 60ታት ኣትሒዙ ኣብ  ማሕበር ተማሃሮ ኤርትራውያን ሓደ ካብቶም ንጡፍ ምንቅስቓስ ዝነበሮም ምዃኑ ድሕሪ ምግላጽ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ኣብ ነዘርላንድ ምንቅስቓስ ኣብ ዝጀመረሉ እዋን ሓደ ካብቶም ኣብ ነዘርላንድ ነቲ ምንቅስቃስ ካብ ዝመስረቱ ምዃኑ ንኣኬቤኛ ኣውኪኢሉ

ኣቶ ተስፋዝጊ ይትባረኽ ቅድሚ ናጽነት ኣብ ዝተኻየደ ቃልሲ ከይተሓጸረ ድሕሪ ምምጻእ ነጻነት ውን ብሞይኡ ንኽሰርሕ ናብ ሃገረ ኤርትራ ኣትዩ ከም ዝነበረን እንተኾነ ግን ብሰንኪ ዘምዕሩይ ምሕደራ ስርዓት ህግደፍ ነታ ሃገር ገዲፍዋ ከም ዝመጸ ብምጥቃስ ምስ ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ካብ እዋን ግዜ 70ታት ኣትሒዞም ኣብ ቃልሲ ምምጻእ ንነጻነት ብሓባር ዝሰርሑ ብጾት ምንባሮም ብምጥቃስ ሌለኦም ቃልሲ ዘዕሞቓ ነዊሕ ሰረት ዘለዎ ምዃኑ ድሕሪ ምብርሁ ጌና ክህቦ ዝጸንሖ መደረ ከይዛዘመ እንከሎ ሃንደበት መድርኽ ገዲፉ ተንሲኡ ናብ ግዳም ገጹ ወጽዩ

ኣቶ ተስፉዝጊ ይትባረኽ ናብ ግዳም ድሕሪ ምውጽኡ ንበይኑ ኣይተመልሰን ነቲ ናይቲ መዓልቲ እቲኣ መድሕን ተባሂሉ ዝተሰየመ ኣቶ ተወልደ ተስፉማርያም ወዲ ቫካሮ ኣብ ጎኑ ተኾልኪልዎ ኢዩ ናብ መድርኽ ገጹ መጺኡ ተሳታፊ ኸኣ ካብ መንበሩ ተሲኡ ብጣቒዒትን ጨብጨባን ንኣቶ ተወልደ ተስፉማርያም ወዲ ቫካሮ ተቐቢልዎ

ኣቶ ተስፉዝጊ ይትባረኽ ምስ ኣቶ ተወልደ ተስፉማርያም ወዲ ቫካሮ ናብ መድርኽ ምስ ደየቡ መንእሰይ ኣድያም ዑቕባዝጊ ድቡስ ጓሉ ንናይ ሕጂ ኣቦ ወንበር ግምባር ሃገራዊ ድሕነት ዘሎ ኣብ ሮተርዳም ኦመርድ ዝምቕማጡ ዑቕባዝጊ ድቡስ ከም 2ይቲ ኣላይት መድርኽ ምስ ተቐበለት ኣቶ ተስፉዝጊ ይትባረኽ ንተሳተፍቲ ናይ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም መግለጺ ብቛንቛ ትግርና ድሕሪ ምሃቡ መንእሰይ ኣድያም ዑቕባዝጊ ድቡስ ብወገና ምልከት ቛንቛታት ኤርትራ ስለ ዘይነበራ ብቛንቛ ነዘርላንድ ሓጺር መደረ ኣስሚዓ

መንእሰይ ኣድያም ኣብ መግለጺኣ ምስ ኣቶ ተወልደ ተስፉማርያም ወዲ ቫካሮ ናብ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ነዘርላንድ ኣሰንዩቶ ከም ዝኸደትን ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ነዘርላንድ ብወገኖም ነቲ ብኣቶ ተወልደ ተስፉማርያም ወዲ ቫካሮ ዝቐረበ ምሕጽንታን ጠለብን ከም ዝሰምዕዎም ኣገንዚባ መድርኽ ናብ ኣቶ ተወልደ ተስፉማርያም ወዲ ቫካሮ ተመሓላሊፉ

ኣቶ ተወልደ ተስፉማርያም ወዲ ቫካሮ ነቲ ኣኼባ ብነበሰ ነቐፌታ ኢዩ ጀሚርዎ ንዕላማ ኣኼባኡ ከብርህ እንከሎ ኸኣ ቴማ ናይዚ ኣኼባ እዚ መሰረቱ ኣብ ኤርትራ ለውጢ ንምምጻእ ቀንዲ ዕጥቂ ክኾነና ዝግበኦ ሓድነት ስለ ዝኾነ ናይዚ ኣኼባ እዚ ቴማ ኤርትራዊ ሓድነት ንፍትሕን ክብል ኢዩ ገሊጽዎ

ኣቶ ተወልደ ተስፉማርያም ወዲ ቫካሮ ኣብ መግለጺኡ ነቲ ብወገኑ ኣብ መስርሕ ምምጻእ ነጻነት ተፈጺሙ ዝበሎ ጌጋታት ድሕሪ ምዝርዛር ድሕሪ ነጻነት ውን እቲ ጌጋታት መሊሱ ቢኢሱ ምበር ካብ ዝሓለፈ ተሞኩሮ ምርኩስ ብምግባር ኣይተመሓየሸን ድሕሪ ምባሉ ኤርትራውያን ሃገራውያን ንሃገርና ኤርትራ ባዕልና ክንቆጻጸራ ኣይከኣልናን እዚ ኸኣ ኢሰያስ ኣፈወርቅን መሳሰይቱ ዝኾኑ በዓል ክሻ ሚሻን ማንኪ በኪን ስልጣን ንኽሕዙ ሱቕ ኢልና ስለ ዝረኣናዮም ኢዩ ድሕር ምባል ኤርትራውያን ሃገርና ኤርትራ ብኤርትራውያን ትግዛእ ከም ዘየላን እዞም ኣብ ስልጣን ዘለዉ ኩላቶም ከኣ መቦቆሎም ትግራዎት ኢዮም ኢሉ ድሕሪ ምዝርዛር ንዓኣቶም ከነርክበሎም እንተዘይኪኢልና ነታ ዝረመስዋ ኤርትራ ካብ ኢዶም ኣብ ንምንዝዓሉ እዋን ሕነ ናይቱ ኣብ ልዕሌና ዝበጽሐ ኣደራዕን ስቅያትን ኣብ ልዕሊ ደቆምን ስድራ ቤቶም ክንፈድዮ ኢና ክብል መዲሩ

ኣቶ ተወልደ ተስፉማርያም ወዲ ቫካሮ መግለጺኡ ብምቕጻል ኢሰያስ ኣፈወርቂ በይኑ ገባርን ሓዳግን ብምኳን ምስ ሱዳን የመን ኢትዮጵያ ጅቡቲ ኲናት ከም ዘእተወና ድሕሪ ምብራህ ኲናት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ዝተወለዓሉ ዓመተ 1998 ነቲ ኲናት ኤርትራ ከም ዝጀመረቶ ብምንጻር ኣቶ ተወልደ ተስፉማርያም ወዲ ቫካሮ ንዘረቡኡ ጠቒሱ የስምር

“ኣብ ኤርትራ ለውጢ ንምምጻእ ንስርዓት ህግደፍ ንምእላይ በዚ ዘካይዶ ዘለኹ ኣኼባታት ዝተረኽበ ውጺኢት ምርኩስ ብምግባር ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣኼባ ዝተኻየደላ ሃገር ወከልቲ ህዝቢ ብምምራጽ ናይቶም ኩሎም ወከልቲ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ከኣ ዓዲ ጣልያን ከምዝኾነ ብምግላጽ ነቲ ምትእኽኻብ ዝተዋህቦ ሓላፍነት ኣድራሻኡ ሃገረ

ጣልያን ምኻኑ ድሕሪ ምስማር ብመንገዱ ክምራሕ ምዃኑ ብምርግጋጽ ድሕሪ እዚ ጉዳይ ዝስዕብ መስርሕ እንተሃልዩ ኣብ ነጻ 3ይ ሃገር ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብምዝርራብ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ተተኮስቲ ኣጽዋርን ሰራዊትን ክህብዎም ክሓትት ምኻኑ በዚ ዝርከብ ተተኮስቲ ኣጽዋርን ሓገዝ ሰራዊት ኢትዮጵያን ከኣ ከም መግለጺ ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ንሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ብወትሃደራዊ ሓይሊ ድምጽማጹ ኣጥፊእካ ብምስዓር ንምልእቲ ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ ነታ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብዘይ ሕጊ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ገቢሩዋ ዘሎ ባድመ ውን ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ብምልማን ዋንነታ ናብ ኤርትራ ከምልሳ ክጽዕር ምዃኑ ንተሳተፍቲ ኣበሲሩ"

ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ መግለጺኡ ብምትሕሓዝ ይጠቅስ "ንሃገርና ኤርትራ ሓሊኹ ሒዝዋ ዘሎ ጉዳይ ሓደ ሰብኣይ ኢዩ ንሱ ኸኣ ዲያብሎስ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኢዩ ድሕሪ ምባል እዚ ሕጂ ዝሕብረኩም ዘለኹ ዛዕባ ጥብቂ ሚስጢር ኢዩ ክንዲ ዝኾነ ኸኣ ንኢሰያስ ኣፈወርቂ ኣነ ባዕለይ ካብ ዓለም ምሉእ ብዝመረጽክዎም ሽዱሽተ ሰባት ኮይነ ብምምኽኻር ካብ ዘለኒ ተሞኩሮ ይብል ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዘ ምስ ናይ ዓዲ ጥልያን ናይ ሲቺልያ (Sicilia) ማፍያታት ጽኑዕ ርክብ ስለ ዘለኒ ካብኦም ብዝረኸቦ ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ነቲ ኣቐዲሙ ክቐትለኒ ዝሓስብ ዘሎ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ሓደ ፍሉይ ናይ ቅትለት ጉጅለ "Mafia style killer squad" ብምምስራት ኣብዚ ውሽጢ ናይ ክልተ ወርሒ ግዜ ከቕትሎ ኢየ" ክብል ሓቢሩ ከም መግለጺ ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ብህይወት ዝጸንሓለን ግዝያት ናይ ክልተ ወርሒ ዕድመ ጥራይ ከም ዝተረፈኦ ብምብራህ ኣብ በዓል መዓልቲ ነጻነት ውን ብህይወት ክህሉ ከም ዘይክእል ኣተንቢሁ ከም መግለጺ ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ኣብ ግምቦት 24 መዓልቲ ነጻነት ኤርትራ 2014 ድምጺ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኣይክንሰምዕን ኢና ማለት ኢዩ

ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ስርዓት ህግደፍ ብፍላይ ከኣ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ንዕኡ ክቐትሎ መደብ ከም ዘለዎን ነዚ ንኸተግብር ለይትን ቀትርን ከይደቀሰ ከም ዝሓድር ብምንጻር ኣብ ኩሉ ጉዕዝኡ ከም ዝጥንቀቕን ነታ ዝሰትያ ማይ ውን ትኹን ከየረጋገጸ ከም ዘይቀርባን ብምሕባር ስርዓት ህግደፍ በቲ ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ዘካይዶ ዘሎ ካብ ኣህጉር ናብ ኣህጉር ዝካየድ ዘሎ ህዝባዊ ሰሚናራት ተሰናቢዱ ሓድሽ ናይ ስርርዕ መደብ ክገብር ከም ዝተቐሰበን ነዚ ኣብ ግብሪ ንምውዓሉ ኸኣ ኣብዚ ቀረባ እዋን ሓድሽ ኤርትራዊ መንነት ክዕድል ኣብ መደብ ከም ዘሎን እዚ ኸኣ ከም መእተዊ ገንዘብን ነቲ ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ዘካይዶ ዘሎ ቃልሲ ንምዕንቃጽን ተባሂሉ ስርዓት ህግደፍ ኮነ ኢሉ ብመደብ ዘካይዶ ዘሎ ምንቅስቓስ ምኻኑ ድሕሪ ምዝርዛር ናብዚ እከይ መደብ ስርዓት ህግደፍ ህዝቢ ተገሪሁ ከይሳተፍ ድሕሪ ምምካሩ ኣብዚ ውሽጢ ናይዚ ዝካየድ ዘሎ ኣኼባ ውን ስርዓት ህግደፍ ዝለኣኾም ተጸናጸንቲ ናይ እዝኒ ንዝተኻየደ ኣኼባታት ናብ ኤምባሲታት ዘብጽሑ ኣብዚ ማእከል ኣኼባና ውን ክሳብ ሓሙሽተ ሽዱሽተ ዝበጽሑ ናይ እዝኒ ኣለዉ ክብል ኣብሪሁ እንተኾነ ግን ኣብ ዝበጽሕዎ ስለ ዘይብሎም ካብ ከምዚ ነገራት ክቐጠቡ ከም ዘለዎም ኣጠንቂቑን መኺሩን

ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ኣብ መግለጺኡ ናብ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ነዘርላንድ ምስ ኣርባዕተ ብጾቱ ከም ዝበጽሐ ንተሳተፍቲ ናይቲ ኣኼባ ድሕሪ ምሕባር ነቶም ካብ ዓለም ምሉእ ዝተዋጽኡ ናይ ሕጊ ኪኢላታት እተወሃህድ ኪኢላ ኣህጉራዊ ሕጊ ዝኾነት ሆላንዳዊት ጥሮተኛ ሰበይቲ ከም ዝረኸበን እንተኾነ ግን እቲ ንኽኽፈላ ዝሓተተቶ ገንዘብ ብርክት ዝበለ ብምዃኑ መንግስቲ ነዘርላንድ ንክኸፍሎ ከም ዝሓተተ

ብምብራህ መንግስቲ ሆላንድ ብዝኸፍሎ ገንዘብ ናብ ኣህጉራዊ ዓለምለኻዊ ቤት ፍርዲ (I.C.C.) ሕጋዊ ክሲ ኣብ ልዕሊ ኢሰያስ ኣፈወርቅን ተሓባበርቱን ክምስርት ምዃኑ ኣነጺሩ

ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም መግለጺኡ ብምትሕሓዝ በቶም ኤርትራውያን ኪኢላታትን በታ ኪኢላ ኣህጉራዊ ሕጊ ዝኾነት ጥሮተኛ ሆላንዳዊት ሰበይትን ኣቢሉ ነቲ ኣብ ዘየለወሉ ድሕሪ ክልተ ወርሒ ንክቕተል ን ሞት ዝፈረዶ ኣብ ኣኼባ ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ዝተፈርደ ኢሰያስ ኣፈውርቂ ኣብ ኣህጉራዊ ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ከሲሱ ከንጠልጥሎ ምዃኑ ንተሳታፊ ናይቲ ኣኼባ ኣገንዚቡ

ብዘይካ እዚ ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ኣብ መግለጺኡ ብጉዳይ ናይቶም ኣብ 1935 ኣብ ኲናት ምክልኻል ጥልያን ወትሃደራት ጥልያን ኮይኖም ብምዕስካር ናይ ዝሞቱን ዝሰንከሉን ኤርትራውያን ዜጋታት ንመግስቲ ጥልያን ካሕሳ ንግዳያት ክትከፍል ክኸሳ መደብ ከም ዘለዎን እንተኾነ ግን ነዚ ንምትግባር ሕጋውያን መሰካኽር ከም ዘድልዩን ኣብሪሁ

ኣብ ሞንጎ መግለጺኡ ኸኣ ገዲም ድምጻዊ መምህር ተወልደ ረዳ ኣቡኡ ወላዲኡ ሓደ ካብቶም ግዳያት ምዃኖም ብምብራህ ቃለ ምስክርነት ንኸህብ ድልዊ ምዃኑ ኣነጺሩ

ንኹነታት ደምበ ተቛውሞ ኣመልኪቱ ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ክሳብ ሕጂ ደምበ ተቛውሞ ክዕወት ዘይከኣለ ሓድነት ብዘይምፍጣሩ ጥራይ ዘይኮነ ተቛወምቲ ተመሲሎም ንኢሰያስ ኣፈወርቂ ዝከላኸሉን ጌና ብናይ ኤርትራ መንግስቲ ወርሓዊ ደሞዞም ዝኽፈሉ ቶኺሉ ኣለዉ ድሕሪ ምባል ብዛዕባ እዚኣቶም ሚስጥሮም ኣጸቢቐ ስለ ዝፈልጦ ኣብዚ ሕጂ እዋን እንተዘይተኸቶኽምኒ ይምረጽ እንተዘይኮይኑ ብዛዕበኦም ኣብ ዝዛረበሉ እዋን ምድሪ ኣንቀጥቂጣ ሰማይ ብጸልማት ክወሓጥ ምዃኑ ብምዝኽኻር ብስም ምንቅስቓስ መድርኽ ኢሎም ዝንቀሳቐሱ ዘለዉ ከም በዓል ኣምባሳደር ነበር ዓንደብርሃን ወለገርግስን ዶክተር ኣሰፋው ተኽስተን ኣምባሳደር ነበር ዓብደላ ኣድምን መሪሕነት ሰልፊ ህዝቢ ደሞክራሲ ኤርትራ ኮይኑ ዝንቀሳቐስ ዘሎ ሚኒስተር ምክልኻል ነበር መስፍን ሓጎስን ከም ኣጻብዕቲ ኢዱ ከም ዝፈልጦምን ህዝቢ ኣብዞም ተኺሉ እዚኦም እምነት ከይገብርን ኣጠንቂቑ

ቀጺሉ ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ንስዉእ ኮሎኔል ስዒድ ዓሊ ሕጃይ በዓልቲ ቤቱ ካብ ሱዳን ናብ ኢትዮጵያ ከም ዘእተዉዋ ድሕሪ ምብራህ መንግስቲ ነዘርላንድ ናይ ዑቕባ መሰላ ንኽረጋግጹላ መእተዊ ቪዛ ንኽወሃባ ከም ዝሓተተላ ኣፍሊጡ ኣተሓሒዙ ኸኣ ናይቲ ብመንግስቲ ጁቡቲ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዘሎ ኣብ ዝሓለፈ ወርሓት ነፋሪት ኲናት ኤርትራ ሒዙ ናብ ጁቡቲ ዕቕባ ዝሓተተ ኣብራሪ ነፋሪት ጉዳይ ይሰርሕሉ ከም ዘለዉ ኣገንዝቡ

ድሕሪ ምዝዛም መግለጺ ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ኣላይ መድርኽ ኣቶ ተስፋዝጊ ይትባረኽ ነቲ ኣኼባ ናብ ሕቶን መልስን ኢዩ ኣሕሊፍዎ ኣብዚ ሪፖርታጅ እዚ ንኹሉ እቲ ዝቐረበ ሕቶን መልስን ኳ ንምቕራቡ ኣጸጋሚ እንተዘይኮይኑ ግዜ ንምቕጣብ እቶም ቀንዲ ኣገደስቲ ዝበሃሉ ጉዳያት ምቕራቦም ክምረጽ ኢዩ

ኣብ እዋን ሕቶን መልስን ነዊሕ ግዜ ዝወሰደ ነታ ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ዝጠለባ ኣብ ውሽጢ ሆላንድ ኮይና እተወሃህድ ኮሚቴ ምምራጽ ዝብል ኢዩ ነይሩ

እንተኾነ ግን ኣብቲ ኣዳራሽ ኣኼባ ሓደ ተሳታፊ ዘይተጸበዮ ናይ ክርክር ማዕበል ተበጊሱ ንሱ ኸኣ ተሳተፍቲ ንመላእ ነባሪ ሆላንድ እትጥርንፍ ኮሚቴ ንኽመርጹ ኣብ ዝመደብሉ ሓንቲ ኣብ እዋን ቀዝሒ ስቅያት ደሴት ላምፓዱሳ ንመግለጺ ሓዘኖም ኢሎም ካብ ዝተኣኻኸቡ ሰባት ብግዝያውነት ንኽልተ ወርሒ ጥራይ ንኽተገልግል ኢላ ዝወጸት ኮሚቴ ኣይፋል ኣነ እንከለኹ ኣብ ርእሰይ ካልእ ኮሚቴ ክምስረት ኣይፈቅድን ኢየ ኢላ ዝሓንገደት ጉጅለ ነቲ ኣዳራሽ ኣኼባ ባርዕ ሓዊ ነስኒሳትሉ

እታ ኮሚቴ ልዒሉ ከም ዝተገልጸ ንጉዳይ ቀዝሒ ውጺኢት ላምፓዱሳ ኢላ ዝቖመት ምበር ንመላእ ናይ ሆላንድ ምንቅስቃስ ኢላ ዝቖመት ኣይነበረትን እዛ ሸውዓተ ዝኣባላታ ኮሚቴ ብመንገዲ ተጋዳላይ ክብሮም ዳፍላ ማናጀር መንገዲ ኣየር ኤርትራ ዝነበረን ጋዜጤኛ ሃብቶም ዮውሃንስ ዝርከብዎም ኣማኸርቲ ዘለዉዋ ተባሂላ ከም ዝቖመት ኢዩ ዝንገረላ ኣብቲ ኣኼባ ውን ብወግዒ እቶም ተመሪጾም ነይሮም ዝበሃሉ ዘለዉ 7ተ ዝብዝሖም ኣባላት ኮሚቴ ተሳታፊ ናይቲ ኣኼባ ዝፈልጦም ኣይነበረን ጥራይ ዘይኮነ ንምንታይ ዕላማ ከም ዝተመርጹ ውን ዝሕብር ሰነድ ኣይነበረን

እቲ ዝነውሐ ናይቲ ኣኼባ ግዜ ብምክርኻር ናይዛ ቆይማ እትብሃል ዘላ ኮሚቴ እቲ ግዜ ብኸንቱ ክባኽን እንከሎ ሓደ ካብታ ተሳተፍቲ እናግረምረሙ ብደቂ ሕድርትና ዝገለጽዋ ኮሚቴ ነብሱ ቐሊዑ ኣብታ ኮሚቴ ኣነ ኣለኹ ኣነ ውን ህዝቢ ብወለንትኡ ብደሞክራስያዊ ኣገባብብ ኢዩ መሪጹኒ ንሕና እንከልና ኸኣ ኣብ ርእሴና ካላእ ኮሚቴ ክትምረጽ ኣይንፈቅድን ኢና ኢሉ ዝተማጎተ ገዲም ስንኩል ተጋዳላይ ኣማሓዳሪ ከተማ መንደፈራ ኣብ መወዳእታ እዋን ከኣ ኣማሓዳሪ ናይ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምዕራብ ኣስመራ ዝነበረ ኣበድ ተስፋይ ኢዩ

ነታ ዝተመርጸት ኮሚቴ ደጊፎም ነቲ ኣኼባ ሕንፍሽፍሽ ዘእትውሉ ዝነበሩ ዝበዝሑ ኣባላት ግምባር ሃገራዊ ድሕነት ኢዮም ነይሮም ካብኣቶም ከኣ እቶም ቀንዲ ኣባል ግምባር ሃገራዊ ድሕነት ሃብተ ወዲ ኣዲግ ክኾኑ እንከለዉ ካብ ኣምስተርዳምን ካልእ ከባብን ዝመጹ ተሳተፍቲ ኸኣ እዛ እትብሃል ዘላ ኮሚቴ ንምሉእ ሃገረ ነዘርላንድ ክትውክል ስለ ዘይትኽእል ብማለት ተሪር ሕቶ ኣቕሪቦም ዝተቓወሙ ካብ ኻውዳ ዝመጸት ለምለም ጸሃየን ካብ ኣምስተርዳም ዝመጸ ዳዊት ዘርኣይ (ፈረስ) ካብ ሮተርዳም ዝመጸት ኣድያም ሰሎሞንን ካልኦትን ኢዮም ነይሮም

ድሕሪ ነዊሕ ክርክር ሓዳሽ ኮሚቴ ክትምረጽ ድሕሪ ምውሳኑ ኣምራጺት ኮሚቴ ሰክረታርያት ድሕሪ ምቛማ ሕጹያት ኣብ ምምራጽ እንከላ መምህር ያቆብን ክብሮም ዳፍላን እዚ ኣገባብ እዚ ንመሰል ከተማ ሮተርዳም ምግሃስ ኢሎም ብዘቕረብዎ ክርክርን ኣበድ ተስፋይ ኣብ ልዕሌና ካላእ ኮሚቴ ክትቀውም ኣይነፍቅድን ኢና ኢሉ ብምትራሩን ኣባላት ግምባር ሃገራዊ ድሕነት ነታ ዘላ ናይ ሮተርዳም ኮሚቴ ሕጋውነት ሂብናያ ኢና ድሕሪ ምባሎም ዳዊት ፈረስ ኣብ ኣምስተርዳም ዘለና ውን እኮ ሕጋዊት ምዝግብቲ ማሕበር ኣላትና ኢሉ መብርሂ ኣብ ዝሃበሉ ህሞት ኣላይ መድርኽ ኣቶ ተስፋዝጊ ይትባረኽ ምስናይ ምቁንጻቡን ምሽኽዕላሉን እታ እትብላ ዘለኻ ማሕበር ይፈልጣ ኢየ ኣነ ውን እኮ ምሰኣ ኣብ ኣኼባ ይሳተፍ ነይረ ኢየ ኢሉ ብምንእኣስ ነቲ ኣኺባ በንዚን ምስ ረኾዓሉ ናይ ምምራጽ መደብ ፈሺሉ ተሪፉ ጥራይ ዘይኮነ እቶም ካብ ኣምስተርዳምን ካልእ ከባብን ዝመጹ ተሳተፍቲ እዛ ናይ ሮተርዳም ኮሚቴ ኣይትውክለናን ኢያ ብምባል ብናቶም መንገዲ ከም ዝጓዓዙ ብወግዒ ኣብሪሆምን ኣነጺሮምን ጥራይ ዘይኮነ እዚ ኣኼባ እዚ ኣይውክለናን ኢዩ ንኺድ ኢሎም ኣኼባ ረጊጾም ንኽወጹ ምስ ተንስኡ ኣካያዲ ኣኼባ ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ በጃኹም በጃኹም ኮፍ በሉ በጃኹም ኮፍ በሉ ኢሉ ለሚኑ ኮፍ ኣቢሉዎም ኣኼባ ደጊሙ ቀጺሉ

ነቲ ኩነታት ክዕዘብ ዝጸንሐ ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ምስናይ እንጽርጽሮቱ ኣብ ክንደይ ሃገራት ኣኼባ ኣካይደ እሞ ከምዛ ናይ ሆላንድ ዝኣመሰለት ስነ ስርዓትን ሕግን ቀዋዕን ኣገባብን ዘይብላ ስዲ ዝኾነ ኣካይዳ ዘለዋ ኣኼባ ኣጋጢሙኒ ኣይፈልጥን እምበርዶ ኸ ብስነ ስርዓት ኢኹም ትነብሩ ብምባል ኣብቲ ክካየድ ዝወዓለ ምስሕሓብ ዘለዎ ቅሬታ ድሕሪ ምግላጹ ማይክሮፎን ናብ ሓተቲ ሕቶ ድሕሪ ምትሕልላፉ ማይ ክሮፎን ንለምለም ጸሃየ ተዋሂብዋ

ለምለም ጸሃየ ንኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ድሕሪ ምምስጋና እዛ ኮሚቴስ ኣላ ትብሉና ኣለኹም ከም ሓቂ ኣነ ኣይፈልጣን ኢየ ብደሞክራስያዊ መንገዲ ኣብ ቅድሚ ዓይነይ ክትምረጽ ዘይረኣኽዋ ኮሚቴ ከውሊ ከደኖ ኣብ ጸልማት ኮይና ከተመሓድረኒ ኸኣ ኣነ ከም ለምለም ጸሃየ ኣይፈቅድን ኢየ ብዘይብኡ ኸ ጉዳይ ኣባልነት እንታይን ከመይን ኢዩ ክስራዕ ኢላ ዘረበኣ እናቐጸለት እንከላ ኣላይ መድርኽ ኣቶ ተስፋዝጊ ይትባረኽ ኣብ ሞንጎ ዘረባኣ ጣልቃ ብምእታው ኋል ጸሃየ ንፋለጥ ኢና እኮ ብዘይ እሩም ኣገባብ ምስትንዓቕ ብዝተሓወሶ መንገዲ ነቲ ኣኼባ መንፈሱ በቲኑዎ

ብኣመራርሓ ኣላይ መድርኽ ኣቶ ተስፋዝጊ ይትባረኽ ቅጭ ዝመጸ ተሳታፊ ነንዝሓተተ ሰብ ንፋለጥ ኢና ኣነ እኮ ከም ታክሲነይ ኢየ ዝፈልጠካ ኣነ እኮ ከም ኣጻብዕተይ ኢየ ዘለልየኩም ዓይነት ኣቀራርባ ዝበዝሖ ተሳታፊ ካብ ምሕታታ ኳ እንተዛሕተለ ዶክተር ጸገዘኣብ ገብረገርግስ ካብ መጀመርታ ኣትሒዙ ኢዱ ኣውጺኡ ክሓትት ይደሊ ስለ ዝነበረ ኣላይ መድርኽ ኣቶ ተስፋዝጊ ይትባረኽ ሕራይ ርእየካ ኣለኹ ደሓን ክህበካ ኢየ እናበለ ኣደናጉይዎ ኣብ ሞንጎ ኸኣ ዕድል ንጋዜጤኛ ሃብቶም የውሃንስ ተዋሂብዎ

ጋዜጤኛ ሃብቶም የውሃንስ ነታ ከም ኣማኻሪኣ ኮይኑ ዝሰርሓላ ብኸውሊ ዝተመርጸት ኮሚቴ ንዘይግሉጽነታ ብተሪር ድሕሪ ምንቃፉ ማዕከናት ዜና ነዘርላላንድ ንኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ቃለ መሕትት ንኽካይዳሉ መደባት ሒዘሉ ነይረ ንኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ምስቶም ጋዜጤኛታት ንምርኻብ ዝገበሮ ፈተነ በዞም ኣዳለውቲ ናይቲ ኣኼባ ከም ዝተዓንቀጸ ድሕሪ ምብራህ ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ኣብ ዘካይዶ ዘሎ ኣኼባታት ናብ ዓሌትነትን ብሄርነትን ኣውራጃነትን ወሪዱ ፍትሒ ከረጋግጽ ከም ዘይክእል በዚ ዘካይዶ ዘሎ መግለጺታት ከኣ መሊሱ ንህዝቢ ኤርትራ ካብ ምክፍፋልን ዘይተደለየ ግርጭታትን ንቑልቑል ዘተፋንንን ኣብ ዘይውዳእ ምንቛት ዘእቱ መንገዲ ዝፈጥር ኣካይዳ ምበር ፍታሕ ዘምጽእ ከም ዘይኮነን ክትግበር ዝግበኦ ቅኑዕ መንገዲ ምበር ናብ ሃለውሳ ከእቱ ዝኽእል ኣካይዳ ክኽተል ከም ዘይግበኦን ብስሚዒት ዝዝረብ ዘይትግበር መብጸኦኣታት ምድርዳር ንህዝቢ ኤርትራ ዘላደዮ ስልቲ ምኳኑ ብምንቃፍ መሰረታዊ ዕላማ ጉዕዞ ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ እንታይ ኢዩ ክብል ሓቲቱ

ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ኣብ ምላሹ ኣነ ነቶም ንኤርትራ ዘድምይዎ ዘለዉ ውልቀ ሰባት ኢየ መንነቶም ገሊጸ ምበር ኣብ ዓሌትን ዓሌትነትን ክኣቱ ስለ ዝመረጽኩ ኣይኮንኩን ክብል መሊሹ

ኣብ መወዳእታ ኢዱ ሓፍ ብምባል ዝረብረበ እሞ ዕድል ዘይተዋህቦ ዶክተር ጸገዘኣብ ገብረገርግስ ሕቶ ክሓትት ኳ እንተደለየ ኣላይ መድርኽ ኣኼባና ዓጺና ኢና ኣብዚ ወዲእና ኣለና ብምባል ምዝራብ ኳ እንተኸለ ተሳታፊ ኣኼባ ብዝገበሮ ጸቕጥን ዋጭዋጭን ዶክተር ጸገዘኣብ ገብረገርግስ ዕድል ተዋሂቡዎ

ዶክተር ጸገዘኣብ ገብረገርግስ ንሕቶኡ ካብ ታሪኻዊ ክውንነትን ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ንዝተዘርበ ሕቶ ኢየ ክሓትት ንሱ ኸኣ ኢሉ ክጅምር እንከሎ ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ኣኼባ እኮ ዓዲና ኢና ኢሉ ሕቶ ከም ዘይቅበል ገሊጹ ዶክተር ጸገዘኣብ ገብረገርግስ ብወገኑ ኣነ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ክሳብ ዝተዛረብካሉ ኣነ ኸኣ ኣብ ክንዲ ብኢንተርነት ብጹሑፍ ዝሓተካ ከምቲ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ዝተዛረብካዮ ንሕቶይ ከኣ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ንክትምልሸለይ ኢየ ክሓተካ ደልየ ዘለኹ ስለዚ ሕቶይ ስምዓኒ ክብል ተወኪሱ

ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ስማዕ ክትከሰኒ እንተደሊኻ ክትከሰኒ ትኽእል ኢኻ ኪድ ኣብ ቤት ፍርዲ ወሲድካ ክሰሰኒ ኣነ ዝምልሶ የብለይን ክብል ብፍጹም ስነ ስርዓት ብዘይብሉ መንገዲ ብናይ ዓዋሉ ኣቀራርባን ኣዘራርባን ብዘለዎ ቃና ኢዩ መሊሱሉ ኣኼባ ብህውከት ተዛዚሙ

ዶክተር ጸገዘኣብ ገብረገርግስ ዝኾነ ናይ ምጽርራ ወይ ናይ ምትህልላኽ ኩነታት ኣየርኣየን ይኹን ድኣ ምበር ዶክተር ጸገዘኣብ ገበርገርግስ ሓደ ካብቶም መስረትቲ ሓፍሽ ውድባት ኣብ ኤውሮጳ ስለ ዝኾነ ምናልባት ዶኾን ኣላይ መድርኽ ኣቶ ተስፋዝጊ ይትባረኽን ኣካያዲ ኣኼባ ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮን ካብቲ ሕቡእ ኢሎም ዝገልጽዎ ንላዕሉ ሕቡእ ናቶም ናይ ውልቆም ዝፈልጠሎም ጉድ ሃልዩ ኮይኑ ኢዩ ዘብል እቲ ንዶክተር ጸገዘኣብ ገብረገርግስ ዕድል ናይ ምሃብ ምኽልካሎም ተግባር

ኣብ መወዳእታ ሓንቲ ንሰናይ ዝተባህለ መንእሰይ ሓብቱ ሕቋፍ ዕምባባ ንኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ድሕሪ ምብርካታ ኣኼባ ብወግዒ ተዛዚሙ መንእሰይ ሰናይ ሓደ ካብታ ናይ ሮተርዳም ሕብእቲ ኮሚቴ ተባሂላ እትሕመ ዘላ ኣባላ ኢዩ

ሕቋፍ ዕምባብኡ ዝተቐበለ ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያ ወዲ ቫካሮ ብናይ ዕድመ መዘናኡ ወይዘሮ ኣስገደት ተስፋዮውሃንስ ተሓቚፉ ናብ ዘዕርፈሉ ቦታ ኣምረሐ

መደምደምታ ትዕዝብተይ

ኣመጻጽኣ ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ናብ መድርኽ ኣዳራሽ ልክዕ ከምቶም “paranoid and self-serving dictators” ብፍርሕን ነብሰ ምትሓትን ዝሳቐዩ ውልቀ መለኽቲ ዝጥቀምሉ ኣገባብ ተጠቒሙ ንህዝቢ ኮፍ ኣቢሉ ብማእከል ህዝቢ ብምስንጣቕን ብሓጎ ብምእታውን ንህዝቢ ንምድሃል ዝጥቀምሉ ኣገባብ ምጥቃሙን ምኽታሉን ንባዕሉ ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ብሕማም ራዕድን ፍርሕን ተዋሒጡ ከም ዘሎ ኢየ ተዓዚበ

ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ብፍጹም ኣብ ትሕቲ ምሉእ ራዕድን ፍርሕን ከም ዝተዋሕጠን ኣብ ሓንጎሉ ኢሰያስ ይኹን ህግደፍ ክቐትሉኒ ኢዮም ዝብል ንኣእምሮኡ ብዘጽብብ ጭንቀት ተዋሒጡ ከም ዘሎ ካብቲ ዝህቦ መግለጽን ካብቲ ዘርእዮ ምንቅስቓስን ምግንዛብ ይከኣል

ብመጀመርያ ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ኣብ ነፍስ ወከፍ ሃገር ዝሃቦ መግለጺ ነተን ነጸብራቕ ናይቶም ዝዕድመእ ዘለዋ ኣካላት ዘንጸባርቕ መግለጽን ነቲ ከባቢ ብዝያዳ ኣየናይ ጉጅለ ወይ ምትእኽኽእብ ዓብሊሉዎ ኣሎ ብዘስነቕዎ ዘረባ ኢዩ መግለጺኡ ዝህብ ዘሎ ምበር ናይ ብሓቂ ዝተወደነ ፖለቲካዊ ራኢ ወይ ኣካይዳ ዘለዎ ኣይኮነን

ምኽንያቱ ኣብ ነፍስ ወከፍ ሃገር ዝሃቦ መግለጺ ኣብ ሓድሕዱ ዝጋጮ መግለጺታት ኢዩ ዝህብ ዘሎ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝሃቦ መግለጺ ምስ ናይ ሽወደን ኣይሳነን ኢዩ ኣብ ሽወደን ዝሃቦ ኸኣ ምስ ናይ ከለን ኣይሰማማዕን ኢዩ ናይ ፍራንክፈርት መግለጺ ምስ ናይ ሆላንድ ኣይቃዶን ኢዩ ልቢ ኢልኩም ተዓዘብዎ

መበገሲ መግለጺ ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ክቱር ጽልእን ቅርሕንትን ኢሰያስ ኣፈወርቅን ገለ መሳርሕቱን ዘንቀሎ ዓቕሊ ጽበት ምበር ናይ ብሓቂ ናይ ሕዝቢ ሓልዮት ዘበገሶ ከም ዘይኮነ ካብ ዝህቦ ዝነበረ መግለጺ ንምርዳእ ዘጸግም ኣይነበረን

ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ጌና ኣብ ቀትሪ ዝሓልም ዝነበረ ይመስል ምኽንያቱ ኣብ መግለጺኡ ነቲ ብብሃገሩ ክወሃሃድ ኣለዎ ዝበሎ ምቛም ኮሚቴታት ማእከላይ ቤት ጽሕፈቱ ኣብ ሃገረ ጣልያን ብምግባር ንሱ ከመሓድሮ ከም ዝደሊ ኢዩ ዘተንብህ ዘሎ እዚ ኸኣ ሓልዮት ህዝብን ሃገርን ዘበገሶ ዘይኮነ ንነብሱ ካብቲ ዝተፈጸመ ገበናት ነጻ ስለ ዘይገበራ ንነብሱ ንምክልኻል ክሳብ እታ ብህይወት ዘሎ ግዜ ንመከላኸሊ ነብሱ ዝኾኖ ስልጣን የጣጥሕ ከም ዘሎ ኢየ ተገንዚበ

ሃንደበትነት ምብጋስ ናብ ደምበ ተቛውሞ ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ብእምነት ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ኣብ ጽባሕ ህልቂት ላምፓዱሳ ስርዓት ኣስመራ ክወድቕ ኢዩ ዝብል እምነት ዘንቀሎ ናይ ኛም ኛም ተበግሶ ምበር ናይ ብሓቂ ሓልዮት ህዝብን ሃገርን ዘበገሶ ምንቅስቓስ ክንቀሳቐስ ኢሉ ዝሓለነ ከም ዘይነበረን ከም ዘይኮነን ዘነጽረልካ ዝኾነ ነቲ ንለውጢ ኢሉ ዝዛረበሉ ዘሎ ፖለቲካዊ ቅማሬ ከቕርበሉ ዝኽእል ራኢ ዘይምህላዉ ቀዝሒ ላምፓዱሳ ዝወለዶ ምትሃት ኢዩ ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ

ኣለይቲ መድርኽ ንባዕሎም ኣብ ህልኽ ዝተሰረቱ ኢዮም ነይሮም ብፍላይ ኣቶ ተስፋዝጊ ይትባረኽ ነታ ቦታ ሎሚ ኢየ ረኺበያ ዘለኹ በቃ ክጥቀመላ ኣለኒ ኢሉ ቅርሕንቱን ናይ እዋኑ መራሕ መደብ ምኻ`ኑ ተሃኑ ከውጸኣላን ዝያዳ ሰብ ምኻኑ ክንየተላን ኢሉ ዝተጠቕመሉ ኣካይዳ ኢዩ ዝሰርሕ ነይሩ ብፍላይ ከኣ ኣብ ልዕሊ ዶክተር ጸገዘኣብ ገብረገርግስን ዳዊት ዘርኣይ (ፈረስ) ለምለም ጸሃየን ዝተጠቕመሉ ኣገባብ ከኣ ናይ ቅርሕንትን ጽልእን ተግባር ከም ዘርኣየ ኢዩ ተሳታፊ ገምጊሙ ብኸምዚ ከኣ ካሪዝማ ኣይርከብን ኢዩ ምኽንያቱ ካሪዝማ ብብልሕኻን ምስ ህዝቢ ብዘለካ ቅርበትን ኢዩ ዝምዕብል እብዚ ኣቶ ተሳፍዝጊ ይትባረኽ ከም ትዕዝብተይ ኣሸንባይዶ ኣኼባ ክመርሕሲ ንኽትመርሖ ውን ጸገም ኮይኑ ኢየ ረኺበዮ

መንእሰይ ኣድያም ዑቕባዝጊ ዱቡስ ብዛዕባ ፖለቲካ ኤርትራ እትፈልጦ ነገራት የብላን ድሕሪ ህልቂት ደሴት ላምፓዱሳ መንእሰያት ክጠራነፉ ምስ ጀመሩ ኣቦኣኣ ዑቕባዝጊ ድቡስ ኣብ ግዜ ውራ ውራ ነብስካ ኣይተዕብራ ብዝዓይነቱ ናብ መንእሰያት ክሕውሳ ዝጀመረ ምበር ዝያዳኣ ብዕምቆት ኳ ዳ ኣፍልጦ ዘለዋስ ሓብታ ሊያ ዑቕባዝጊ ዱቡስ ኢያ እዚ ኸኣ ምስናይ ቋንቋ ምልከቱ ኳ ዳ ማለት ሓንቲ ካብ ቋንቋታት ኤርትራ ትግርኛ ብስርዓት ገይራ እትዛረብን ኣብ ኣኼባታት ናይ ግምባር ሃገራዊ ድሕነት ሰሙናዊ እትሳተፍን ብጉዳይ ኤርትራ እትግደስን ኢያ ንሳ እተትሳተፎ ነይራ ምተመርጸ ግምባር ድሕነት ግን ካብ ሃገራዊ መንነት ብሓንጎል ሃገራዊ መንነት ብመልክዕ ዘሽረፍዎ ይመስሉ ምኽንያቱ መንእሰይ ኣድያም ጉልብቲ ጽብቕቲ ንመንእሰያት ክስሕብ ዝኽእል ሰብነት ዘለዋ ብምኻና ነቲ መንእሰይ በዚ ክዕድግዎ እንተሓሲቦም ዓቢ ጌጋ ይገብሩ ኣለዉ

ኣብ መወዳእታ ኣኼባ ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ንገዲም ሓፋሽ ውድባት ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ዝነበረት ኣድያም ሰሎሞን ኣብ መድርኽ ረኺብዋ ነይሩ ኣድያም ሰሎሞን ነታ ውርይቲ ናይ ራድዮ ጋዜጤኛ ዝኾነት ህብብቲ ፌቨን ሰሎሞን ሓብታ ኢያ ስለ ዝኾነ ኢዩ ኸኣ ኣቶ ተወልደ ተስፋማርያም ወዲ ቫካሮ ንኣድያም ሰሎሞን ይጠቅስ ብጠላዕ ናይ ዕዋላ ኣዘራርባ እዛ ሓብትኺ ንፌቬን ሰሎሞን ማለቱ ኢዩ እንታይ ኢያ እትገብር ዘላ መዓድያ ካብዞም ጽገና ውገና ዝብሉ ኢዳ ትስሓብ ንሕና ኣብዚ ቀረባ እዋን መደበር ተለቭጂን ክንከፍት ስለ ዝኾና ናባና ክትመጽእ ምኽርያ ክብል ሓውሲ መጠንቀቕታ ዝመስል ገታር ዘረባ ኢዩ ተዛሪብዋ

እዚ ናይ ዓዋሉ ኣቀራርባ ቅጭ ዘምጸኣላ ኣድያም ሰሎሞን ኣነ ናይ ነብሰይ ይገብር ሓፍተይ ከኣ ናይ ነብሳ ትገብር ነፍስ ወከፍና ዘዘዋጻኣና ባዕልና ስለ እንፈልጥ ምኽሪ ናይ ካልእ ይኹን ምግሳጽን ምፍርራሕን ዘድልየና ኣይኮነን ነብስና ዝኽኣልና እኹላትን ብቑዓትን ኢና ኢላ ምስ መለሰት ብመልሳ ጸባ ሰትየ ካብ መድርኽ ኣኼባ ናብ ገዛይ ኣምርሐ

ዮሴፍ ሃይለ ገብረመድህን
ዓይኒ ዑንቂ
ሆላንድ